# ኣብ ፆታዊ ትንኮሳ ዝግበር እገዳን
# ኣካይዳ ኣቀራርባ ቅሬታን

ሲያትል ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ፆታዊ ትንኮሳ ነፃ ዝኾነ ፣ኣወንታዊ ን ውፅኢታዊን ናይ ትምህርትን ናይ ስራሕን ቦታ ንምፍጣር ቆርፁ ተላዒሉ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ፣ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ፣ቤት ትምህርቲ ስፖንሰር ዝገብሮም ካብ ቤት ትምህርቲ ግቢ ወፃኢ ዝግበሩ ምንቅስቃሳት ሓዊሱ ኣብዝኾነ ናይ ትምህርቲ መርሃ ግብሪ ወይ ምንቅስቓስ ውሽጢ ኣብዝሳተፉ ተምሃሮ፣ሰራሕተኛታት፣ወይ ካልኦት ፆታዊ ትንኮሳ ይኽልክል።

### ፆታዊ ትንኮሳ ዘይተደለየ ፆታዊ ስነምግባር ወይ ርክብ ዝኸውን:

- ሓደ ተምሃራይ ወይ ሰራሕተኛ እቲ ዝቐረበሉ ግቡእ ዘይኮነ ፆታዊ ስነምግባር ወይ ርክብ ከም ነጥቢ፣ዕብየት፣ናይ ስፖርት ጉጅለ ቦታ፣ወይ ናይ ትምህርቲ ወይ ናይ ስራሕ ውሳነ ዝመሳሰሉ ንገራት ብምላሹ ንምርካብ ምኺኑ እንድሕር ተኣሚኑሉ፤ወይ
- እቲ ስነምግባር ኣፍቲ ናይ ተምሃራይ ናይ ትምህርቲ አፈፃፅማ ብዝለዓለ ብርኪ ጣላቃ ዝኣቱ እንተኾይኑ ወይ ዘፍርሕን ፅልኣት ዘሕድርን ናይ ትምህርቲ ወይ ናይ ስራሕ ሃዋህው ዝፈጥር እንተኾይኑ::

### ኣብነታት ፆታው ትንኮሳ:

- ሓደ ወልቀ ሰብ ናብ ፆታዊ ተግባራት ምድፍፋእ
- ግቡእ ዘይኮኑ ፆታዊ ባህርያት ዘለዎም ምንኽኻእ
- ፆታዊ ባህርያት ዘለዎም ናይ መንደቕ ፅሑፋት ምፅሓፍ
- ግልፂ ፆታዊ ባህርይ ዘለዎም ፅሑፋት፣ኢሜይላት፣ወይ ፎቶታት ምብታን
- ፆታዊ ቀልድታት፣ወሬታት፣ወይ ቀስቃሲ ርእይቶታት ምግባር
- ኣካላዊ ጥቕዓት፣ኣግዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ጥቕዓን ሓዊሱ

### ፆታዊ ትንኮሳ ከመይ ሪፖርት ክገብር ይኽእል?

ኣብ ትምህርት ዲስትሪክት ውሽጢ ዝኾነ ሰብ ኣብ ቤት ትምህርት ውሽጢ ፆታዊ ትንኮሳ በፂሕዎ ኢልኩም እንድሕር ኣሚንኩም፣ስሩዕ ቅሬታ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለኩም። ናይቲ ዲስትሪክት ናይ ፆታዊ ትንኮሳ ኣቀራርባ ቅሬታ ሙሉእ ቅዳሕ ንምርካብ፣ ናብ ተምሃሮ ሰብኣዊ መሰል ቢሮ ብ OSCR@seattleschools.org ኢሜይል ግበሩ፣ ወይ https://www.seattleschools.org/cms/One.aspx?portalId=627&pageId=1300431 ርአዩ።

ቅድሚ ቅሬታ ምቕራብኩም፣ብዛዕባ ዘተሓሳስበኩም ጉዳያት ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ርእሰ መምህር፣ናይ ስራሕ ተቆፃፃሪ ወይ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ንብዓት ሓባሲ ብ Ombudsman@seattleschools.org ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ፆታው ትንኮሳ ብዝምልከት ፋይል ንምግባር:

**ንተምሃሮ፣ንወለዲ/ኣለይቲን፣ኣባላት ህዝቢን፣** ናይ ተምሃሮ ሰብኣዊ መሰል ቢሮ(OSCR) ንተምሃሮ፣ንወለዲ/ኣለይቲን፣ኣባላት ህዝብን ብዛዕባ ፆታዊ ትንኮሳ ዝምልከት ሕቶታትን ቅሬታን ንምትእንጋድ ተባሂሉ ዝተሰየመ እዩ። ኣባላት OSCR ንምርኻብ ናብ 206-252-0306 ደውሉ፤ ወይ ናብ OSCR@seattleschools.org ኢሜል ስደዱ፤ ወይ ናብ Seattle Public Schools, MS 32-149, P.O. Box 34165, Seattle, WA 98124-1166 ፖስታ ለኣኹ።

**ንሰራሕተኛታት፣** ሓይሊ ሰብ ዲፓርትመንት(HR) ንስራሕተኛታት ብዛዕባ ፆታዊ ትንኮሳ ዝምልከት ሕቶታትን ቅሬታን ንምትእንጋድ ተብሂሉ ዝተሰየመ እዩ።ኣባላት HR ንምርኻብ ናብ 206-252-0024 ደውሉ፤ወይ ናብ HREEOC@seattleschools.org ኢሜል ስደዱ፤ ወይ ናብ Seattle Public Schools, MS 33-157, P.O. Box 34165, Seattle, WA 98124-1166 ፖስታ ለኣኹ።

# ጾታዊ ትንኮሳ ብዝምልከት ኣቀራርባ ከይዲ ቅሬታ

## ብርኪ 1: ናብ ትምህርቲ ዲስትሪክት አቤቱታ ምቕራብ

ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳይ፣ኣቤቱታ መድልዎ ካብ ዝተፈፀመሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ክቐርብ ኣለዎ።እቲ ኣቤቱታ እንታይ ከምዝተፈፀመን ፣መድልዎ እዩ ኢልኩም ዝኣመንኩሙሉ ምኽንያትን ዝገልፅ ብፅሑፍ ክኾን ኣለዎ። ኣቤቱታ ብፖስታ፣ብኢሜል፣ወይ ብኣካል ናብ ዝኾነ ኣማሓዳሪ ቤት ትምህርቲ፣ናይ ስራሕ ተቆፃፃሪ ፣ናይ ተምሃሮ ሰብኣዊ መሰል ቤት ፅሕፈት፣ወይ ሓይሊ ሰብ ቤት ፅሕፈት ክቐርብ ይኽእል እዩ።

ናይ ትምህርቲ ዲስትሪክት ናትኩም ናይ ፅሑፍ ኣቤቱታ ምስበፅሖ፣ናይቲ ዲስትሪክት ፆታዊ ትንኮሳን ፖሊሲን፣ከይዲ ኣሰራርሓን መድልዎ ኣልባ ከይዲ ኣቀራርባ ቅሬታን ዝሓዘ ቅዳሕ ይህበኩም እዩ። ናይ ተምሃሮ መሰላት ቢሮ ወይ ሓይሊ ሰብ ቤትፅሕፈት እቲ ናይ ትምህርቲ ዲስትሪክት ነቲ ኣቤቱታ ንምፍታሕ ስጉምቲ ምውሳዱ ይከታተል። እዙይ እውን  ቅልጡፍን ዓምቕን ምርመራ ክሓውስ ይኽእል እዩ።

ንዝተፈለየ መዓልቲ እንድሕር ዘይተስማሚዕኹም ወይ ምስቲ ኣብየቱታ ዝተትሓሓዘ ፍሉይ ኹነት ናይ ግዜ ገደብ ንኽናዋሕ እንተዘይተደልዩ ናይ ትምህርቲ ዲስትሪክት ኣቤቱታ ምስተቐበለ ኣብ  30 መዓልቲ ውሽጢ ብፅሑፍ ምላሽ ክህብ ኣለዎ። ናይቲ ኣቤቱታ ውሳኔ ካብ  30 መዓልቲታት ንላዕሊ ዝወስድ እንተኾይኑ፣ዝተናወሐሉ ምኽንያትን መልሲ ዝውሃበሉ ዕለትን ብፅሑፍ ይወሃበኩም እዩ።

እቲ ናይ ትምህርቲ  ዲስትሪክት ፅንዓቱ ወዲኡ ንኣቤቱታኹም መልሲ እንትህብ፣ካብዘም ዝስዕቡ ዝወሰኖ ውሳኔ ብግልፂ ከቕምጥ ኣለዎ::

1. ኣፍቲ ኣቤቱታ ውሽጢ ዝቐረቡ ሓሳባት ውድቂ ምግባር፤ወይ
2. ኣፍቲ ኣቤቱታ ውሽጢ ዝቐረቡ ሓሳባት  ምቕባልን ዝተወሰዱ ናይ መአርምታ ዝርዝራትን::

ብተወሳኺ፣እቲ ናይ ትምህርቲ ዲስትሪክት ኣቤቱታኹም ውድቂ እንተገይርዎ እቲ ዝህበኩም መልሲ ኣበይን ንመንን ይግባይ ከምትብሉ ሓዊሱ ይግባይ ናይ ምባል መሰልኩም ዝገልፅ ምልክታ ዝሓዘ ይኸውን::

## ብርኪ 2: ናብ ላዕለዋይ ሓላፊ ይግባይ ምባል

ናይ ትምህርቲ ዲስትሪክት ኣቤቱታኹም ውድቂ ምግባሩ እንድሕር ዘይተስማሚዕኹም፣ናብ  ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ዋና ሓላፊ ይግባይ ምቕራብ ትኽእሉ ኢኹም።ናይ ኣቤትታኹም ምላሽ ካብ ናይ ትምህርቲ ዲስትሪክት ምስረኸብኩም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልትታት ውሽጢ ቅሬታኹም ናብ ናይ ትምህርት ዋና ሓላፊ ብፅሑፍ ፋይል ክትገብሩ ኣለኩም።

እቲ ይግባይ ጥርዓን ብግዚኡ እንትበፅሕ፣ላዕለዋይ ሓላፊ ነቲ ይግባይ ዝግምግም ገለልተኛ መርማሪ ይመርፅ።እቲ ይግባይ ቆፀሮ ይተሓዘሉ ንስኹም ድማ ምስቲ ይግባይ ዝተተሓሓዙ መሰኻኽር ወይ ካልኦት መረዳእታ ናፍቲ ናይ ይግባይ ግዜ ክተቕርቡ ትኽእሉ።

እቲ ዲስትሪክት ናይ ይግባይ ምልክታ ምስተቐበለ ኣብ 30 መዓልትታት ውሽጢ ናይ ፅሑፍ ውሳኔ ይልእኽ።እቲ ናይ ፅሑፍ  ውሳነ ቅሬታኹም ናብ ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ላዕለዋይ ተቆፃፃሪ ቤት ፅሕፈት (OSPI)  ከመይ ከተቕርቡ ከምትኽእሉ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

**ብርኪ 3: ቅሬታ ናብ OSPI ምቕራብ**

እንድሕር ምስቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት ናይ ይግባይ ውሳነ ዘይትስማምዑ ኮይንኩም፣ቅሬታኹም ናብ ናይ ሕዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ላዕለዋይ ተቆፃፃሮ ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።እቲ ቅሬታ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ ይግባይ ውሳኔ ምስተቐበልኩም ኣብ ውሽጢ 20 መዓልትታት ናብ ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ላዕለዋይ ተቆፃፃሪ ፋይል ክግበር ኣለው።ቅሬታኹም ናብ OSPI ብ ኢሜይል : Equity@k12.wa.us፤ብፋክስ: (360) 664-2967፤ወይ ብፖስታ: OSPI Equity and Civil Rights Office, PO Box 47200, Olympia, WA 98504-7200 ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም::